# መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - ታሕሣሥ 1ይ ሰሙን

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

---

*መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ክሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"*

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **30 ኅዳር** | **ሮሜ 10፡ 9-18**<br>**መዝ 19፡ 8-11**<br>**ማቴ 4፡ 18-22** | ነዞም ንባባት ብጸሎትን ብትሕትናን ኣንብብ። ንኣምላኽ ብቃሉ ሕሹኽ ክብለና ንለምኖ። ንቃል ኣምላኽ ብዙሕ ግዜ ሰሚዕካዮ/ ሰሚዕክዮ ኣሎኻ/ኺ። ኣብ ልብና ኪኣቱ ፈቒድናሉዶ? ንኢየሱስ ሕይወትና ኪመርሕ ሕራይ ኢልናዮዶ? መልሱ ኣብቲ እንህቦ ምስክርነት ሕይወት ኢና እንረኽቦ። ብክርስቶስ  ወይ በቲ ቃሉ ዘይንሓፍርን፣ እኳድኣ ብቃሉ እንሕጐስን፣ ብፈሪሓ እግዚኣብሔር እንመላለስን እንተኾይና ካብቶም ደቂ ኣምላኽ ካብቶም ከም ብሌን ዓይኑ ዚኣስዮም ሕዝቢ ኮይና ኣሎና ማለት እዩ። እንተ ዘይኮነ ርሒቕና ኣሎና ማለት እዩ። እዚ ቃልዚ ናብ ኣምላኽ ክንምለስን ኣብ ቃሉ ድኅነት ከም ዘሎ ክንኣምንን ይጽውዓና ኣሎ። ቃል ኣምላኽ “”ካብቲ ዝጸረየ ወርቂ ዚኅረ፡ ካብ መዓር ወለላ እኳ ዚጥዕም” ንዘለዓለም ዜንብር ኃይሊ ዘለዎ፡ ንኣእምሮና ምስትውዓል ዚህብን እዩ። ኢየሱስ ንእንድርያስን ንሓዉ ጴጥሮስን፡ ንደቂ ዘብዴዎስ ንያዕቆብን ዮሓንስን በታ “ሰዓበኒ” እትብል ቃሉ ኩሉ ገዲፎም ኪስዕብዎ ዚገበሮም ብርቱዕ ኃይሊ ቃሉ እዩ። ካብ ገፈፍቲ ዓሳ ናብ ገፈፍቲ ሰብ ማለት ሰበኽቲ ወንጌል ለዊጥዎም። ኢየሱስ ዓይኒ ዓይንኻ/ኺ እናጠመተ ክዛረበካ/ኪ ከሎ ርእስኻ/ኺ ኣይተድንን ናብ ካልእ ኣይትጠምት፣ ነቲ ቃሉ ከም ዘይምልከተካ/ኪ ኣይትርኣዮ/ይዮ። “ሕይወት ምስ ተረፉ” ኪህበና ማለት ናይ ብሓቂ ሕጎስ ኪህበና ዝኽእል ንሱ ጥራሕ እዩ። “ኦ ጐይታ ጽምኢን ፍቕርን ቃልካ ኣሕድረለይ!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 1 *ታሕሣሥ* | **ኢሳ 11፡ 1-10**<br>**መዝ 72፡ 1, 7-8, 12-13, 17**<br>**ሉቃ 10፡21-24** | ኢሳያስ ነብይ ብዛዕባ እቲ ኪመጽእ ዘለዎ መሲሕ ኪንበ ከሎ፡ ኣዝዩ ዜደንቕ ነገር ይገልጸልና። “ሓዲሽ ንጉሥ ኪነግሥ እዩ” ይብለና። ብሓቅን ፍትሕን ዚገዝእ፡ ፍርዱ ቅኑዕ፡ ነቶም ጸግዒ ዘይብሎም ፍትሒ ዜውጽእ፡ ክፉኣት ሰባት ኪዕምጹን ኪዕብልሉን ዘይገድፍ ሓያል ንጉሥ እዩ። ንሱ ኪገዝእ ምስ ጀመረ ኩሉ ሰላም ይኸውን “ተዅላ ምስ ዕየት ኪሰፍር፡ ነብሪ ምስ ማሕስእ ኪድቅስ፡ ምራኽን ኣንበሳን ብሓሳእ ኪበልዑ እዮም”። መስሙር ዳዊት እዉን ብዛዕባኡ ኪዛረብ ከሎ፡ “እቲ ንጉሥ ከም ዝናም ኣብ ሻኻ፡ ከምቲ ንምድሪ ዜጥልላ ጥሚቕ ኮይኑ ይውረድ። ብዘመኑ ጽድቂ ይዓምብብ።” ይብለና። ኢየሱስ ንጉሥ ንዓና ከምኡ ይኾነልና። ከምቲ ንሓዋርያቱ ብመንፈስ ቅዱስ እናተሓጐሰ “ኦ ኣቦይ፡ ጐይታ ሰማይን ምድርን፡ ነዚ ካብ ብልህትትን ካብ ለባማትን ስለ ዚኃባእካዮ፡ ንሕፃናት ከኣ ስለ ዝገለጽካዮ ኣመስግነካ ኣሎኹ” ዚበለ፣ ናይዚ ንጉሥ እዚ መንግሥቲ ኪነብርዎ ዚኽእሉ ናይዚ ዓለም ለባማትን ፈላጣትን ኣይኮኑን፣ እንታይደ ነቶም ከም ሕፃናት ትሑታትን ገርህይናታትን ዝኾኑ ሰባት ዚወሃብ ዕድል እዩ። ከምኣቶም ንኹን። ነዚ ንጉሥ እዚ ኣብ ልባትና ኪነግሥ ንፍቐደሉ። “ኦ ኢየሱስ ንስኻ ትሕሸኒ። ንሕይወተይ ምርሓዮ! ብፍቕሪ ስጋዊ ነገራትን ባህጊ እዛ ዓለምን ከይታለል ርድኣኒ! ኣብዚ ናይ ምጽኣትካ ግዜ ተዳልየ ንክቕበለካ ሓግዘኒ!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **2 ታሕሣሥ** | **ኢሳ 25፡ 6-10**<br>**መዝ 23፡ 1-6**<br>**ማቴ 15፡ 29-37** | ነቢይ ኢሳያስ ኣምላኽ በቲ መሲሕ፡”ነቲ ናይ ሓዘን መጋረጃ ኬጥፍኦ እዩ። ንሞት ንሓዋሩ ኬጥፍኦ እዩ። ንንብዓት ከኣ ካብ ዓይኒ ኩሎም ኪደርዞ እዩ፣” እናበለ ተስፋ ይህበና ኣሎ። “ተስፋና ኣብኡ ንግበር፡ ንሱ ስለ ዘድኃነና ድማ ክንሕጐስ ኢና”። ከምቲ ኣብ መዝሙር 23 ዘሎ፡ ብጕሥነት ኣምላኽ እንሕጐሰሉ ግዜ ሎሚ እዩ። “ብሩባ ሩባ ድነ ሞትኳ እንተ ኸድኩ ክፉእ ኣይፈርሕን እየ” እንብለሉ ግዜ ሎሚ እዩ። ከመይ እቲ መድኃኒ ኣብ ሞንጎና መጹኡ ስለ ዘሎ። ኢየሱስ ንጥምየትና በቲ ውሑድ እንጌራ ዚመስል ባሪኹ ንኩላትና ኬጽግበና ዚከኣሎ ንሱ እዩ። ሎሚ ኣብ ዓለም ጠሚትና “ንወዲ ሰብ ኬጽግብ ዚኽእል ሰላም ወይ ቅሳነት ኣሎ ድዩ?” ኣብ እንብለሉ ዘሎና ግዜ ንኢየሱስ ቃሉ ክንሰምዕ እንተደኣ ስዒብናዮ፡ ብጥሙያትና ኣይሰደናን እዩ።  ንሱ ንልባትና ኪዕንግል ዚኽእል ሓጎስን ሰላምን ኪህበና እዩ። ንሕና ምንዋጽ እዛ ዓለምና ብምርኣይ “ሞትና፡ ጠፋእና፡ ጠፋና!” ክንብል ከሎና፣ ንሱ ከኣ “እቱም ጎደሎ እምነት!” እናበለ እዩ ዚገንሓና ዘሎ። ስለዚ ንሱ ምሳና ከም ዘሎ ንዘክር። ንሱ ንሕሙማትና ኪፍውስ፡ ንጥሙያትና ኪዕንግልን፡ ካብቲ እኩይ ዘበለ ኬድሕነናን እዩ። “ጐይታ ኢየሱስ ንዓ ቀልጢፍካ ርድኣና!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **3 ታሕሣሥ** | **ኢሳ 26፡ 1-6**<br>**መዝ 118፡ 1, 8-9, 19-21, 25-27**<br>**ማቴ 7፡ 21, 24-27** | “ጽንዕቲ ከተማ ኣላትና፣ ቀጽርን ዕርድን ኣብ ዙርያኣ እንቢሩ ዚከላኸለላ ባዕሉ እግዚኣብሔር እዩ” ይብለና ኣሎ። ነታ ሕዝቢ ኣግዚኣብሔር ዚነብሩላ ከተማ ኣምላኽ ባዕሉ ዕርዳ እዩ። ንሕና ኣብ ውሽጣ ክነብር ዝግብኣና እታ ዕርድቲ ከተማ እግዚኣብሔር ከኣ ቤተክርስቲያን እያ። ኣምላኽ ዕቡያት ኣይፈቱን እዩ። ካብ ኩሉ ትምክሕቲ ንርሓቕ። “መን ከማይ” ኣይንበል፡ ከመይ ኣምላኽ ኩሉ ምእንቲ ኪረግጸና ናብ ታሕቲ ከድርበይና እዩ። ኣብ ክእለትና ወይ ኣብ ሰብ ኣይንወከል። ቃሉ “ኣብ ሰብ ካብ ምውካልሲ ኣብ እግዚኣብሔር ምዕቛብ ይሓይሽ” ይብለና ኣሎ። “እግዚኣብሔር ስለ ዚሰማዕካንን ስለ ዘድኃንካንን ኣመስግነካ ኣለኹ” ንበሎ። ቤትና ኣብቲ ከውሒ ዝኾነ ክርስቶስ ንሕነጾ። ነቲ ቃል ኣምላኽ ሰሚዕናዮ ኣይንሕለፍ፣ ከመይ ብኣፍና ጠቢርና መንግሥተ ሰማያት ክንኣቱ ኣይኽእልን ኢና። ኢየሱስ “ነዘን ቃላተይ ሰሚዑ ዘይፍጽመን ኩሉ ከኣ ቤቱ ኣብ ሑጻ ዝሠርሐ ዓሻ ሰብኣይ ይመስል” ከም ዝበለና ኣይንረስዕ። “ኦ ጐይታ ኣብ ቤተክርስቲያን ክመላለስ ከለኹ፡ ነቲ ጉድለትን ድኽመትን ናይቶም ኣገልገልታ ርእየ ንሕዝብኻ ወይ ቤተክርስቲያንካ ከይንዕቕ ሓልወኒ። ቤትካ ብኣና ብድኹማት ደቕኻ ኢኻ ሃኒጽካያ። እንተኾነ ዝከላኸለላ ንስኻ ባዕልኻ ስለ ዝኾንካ ኣብ ውሽጣ ኪነብር መሪጸ ኣለኹ። ኣብ ቃልካ ጥራይ ኣትኩር ኣሎኹ። ከም ቃልካ ኪነብር ወሲነ ኣለኹ።” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 4 ታሕሣሥ | ኢሳ 29፡ 17-24<br>መዝ 27፡ 1, 4, 13-14<br>ማቴ 9፡ 27-31 | “እቶም ትሑታት ብእግዚኣብሔር ባህ ኪብሎም እዮ፣ እቶም ድኻታት ከኣ በቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ ኪሕጐሱ እዮም። --- ከተከብሩንን ኣብ ቅድመይ ከኣ ብፍርህት ደው ክትብሉን ኢኹም። ዓያሱ ኣእምሮ ኺረኽቡ እዮም። እቶም መጕረምረምቲ ኸኣ ተሓጒሶም ኪመሃሩ እዮም” ኢሳያስ ነቢይ ከም ዝበለ፣ ኢየሱስ ክርስቶስ ናባና ምስ መጸ እቶም ገለ ከምዘይብልና ዝኣመንና በቲ ረዳኢን ጸግዒ ዝኾነናን ሓያል መድኃንን ጐይታን ክንሕጐስ ኢና። እቲ መንፈሱ ኣባና ምስ ሓደረ ከኣ ኣእምሮና ኪበርህን ነቲ ቃል ኣምላኽ ክብህጎን ተሓጒሱ ክመሃሮን እዩ። ሽዑ ምስ ዳዊት ኮይና፡ “እግዚኣብሔር ብርሃነይን ምድኃነይን እዩ፣ ካብ መን ደኣ እየ ዝፈርህ? እግዚኣብሔር ኃይሊ ሕይወተይ እዩ ካብ መን እየ ዝስምብድ?” እንዳበልና ክንዝምር ኢና። እዚ ግና ምስቶም ትሑታት እንተ ተሰለፍና ጥራሕ እዩ ኪኸውን ዝከኣል። ኣብ ገንዘብ ምግባርን፡ ኣብ ወገን ክኾኑኒ ዝጽግዖም ሰባትን፡ ኣብ ፍልጠተይን ክእለተይን እንተዘይተወከልኩ እዩ ኪኸውን ዝኽእል። ንሕናስ ከምቶም ክልተ ዕዉራት ኢየሱስ ይሓልፍ ከም ዘሎ ምስ ፈለጡ፡ “ኦ ወዲ ዳዊት ምሓረና!” እናበሉ ደድሕሬኡ ብእምነት ዝሰዓቡን ኣዕይንቶም ዝተፈወሱ፣ ከምኡ ገይርና ንኢየሱስ ክንደልዮ የድልየና። ብዘይ ኢየሱስ ነቲ መንገዲ ሓቀይኛ ሓጎስ ክንርእዮ ኣይንኽእልን ኢና። “ሕይወት ምስ ተረፉ” ምእንቲ ክንረክብ ንኢየሱስ ምስዓብ የድልየና። “ኦ ጐይታ ኢየሱስ ገለ ሰባት ምእንቲ ከይንዕቁኒ ክብል ናባኸ ምምጻእ ከየሕፍረኒ ጸጋኻ ሃበኒ። ኣብ ሕይወተይ ንስኻ ተድልየኒ ኢኻ! ምርጫይ ንስኻ ኢኻ።” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 5 ታሕሣሥ | ኢሳ 30፡ 19-21, 23-26<br>መዝ 147፡ 1-6<br>ማቴ 9፡ 35-10: 1, 5-8 | ነቢይ ኢሳያስ “ኣቱም ኣብ ጽዮን ኣብ ኢየሩሳሌም እትነብሩ ሕዝቢ፣ ድኅሪ ደጊም ኣይክትበኽዩን ኢኹም። እግዚኣብሔር ርኅሩኅ ስለ ዝኾነ ክረድኣኩም፣ ደሊኹም ናብኡ ኽተእውዩ ከለኹም ኪሰምዓኩም እዩ” ይብለና ኣሎ ። ብመንፈሱ ነታ እንኽደላ መንገዲ  ከም ዚሕብረናውን ይዛረበና ኣሎ። መዝሙር ዳዊትውን “እግዚኣብሔር ንኢየሩሳሌም ከም ብሓዲሽ ይሓንጻ ኣሎ። ነቶም ኣብ ምርኮ ዝነበሩ ሕዝቢ እስራኤል ይመልሶም ኣሎ። ነቶም ልቦም ዝተሰብረ ይፍውሶም፡ ነቕሳሎም ይዝንን” ይብለና እሎ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ብትንቢት ተስፋ ተዋሂቡና ከም ዝነበረ፣ ኢየሱስ ምስ መጸ ንሕዝበ ኣግዚኣብሔር ብስጋን ብመንፈስን ኪፍውስን ንርእዮ። ሎሚ ኢየሱስ ከኣ ኣብዚ ወንጌል፡ “ኃጢኣትካ ተኃዲጉልካ ኣሎ”፣ “ተንሥእሞ ኪድ” እናበለ ክፍውሰና ተሰናድዩ ኣሎ። እቲ ቃል ወንጌል፡ “ብዙሕ ሕዝቢ ምስ ረኣየ፡ ጓሳ ከም ዘይብለን ኣባጊዕ፡ ግፉዓትን ፋሕ ዝበሉን ነበሩ እሞ ራኅርኃሎም” ከም ዝበለና፡ ሎሚ ንዓይን ንዓኻን/ኺን ይድንግጸልና። ከጸናንዓና ከኣ ይደሊ ኣሎ።  እቲ ሽዕኡ ዝጀመሮ ስራሕ ኣብ ኩሉ ዘመናት ዝቕጽል ዘሎ ተግባር ድኅነት እዩ። ኢየሱስ ንዓይ/ንዓኻ/ኺ ብፍቕሪ ክጓስየና ሎሚውን ይደሊ እዩ። ኣብ ሞንጎና ኣሎ። ብዘይፍቓድና ግና ኣየሕውየናን እዩ። ምሕረትን ፈውስን ካባና ርሑቕ ኣይኮነን። ኣቦታትና “ሰኣን ሓፍ ተጎሓፍ” ከምዝብሉ፣ “ኦ ኢየሱስ ፈውሰኒ፡ መሓረኒ” ሰኣን ምባልና፡ ከይተፈወስና ከይንተርፍ። ብእምነት ንሰጉም። |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **6 ታሕሣሥ** | **ባሩክ 5፡ 1-9**<br>**መዝ 126፡ 1-6**<br>**ፊሊ 1፡ 4-6, 8-11**<br>**ሉቃ 3: 1-6** | ባሩክ “ኦ ኢየሩሳሌም ነቲ ኣብ ግዜ ኃዘንክን ጭንቅኽን ዝተኸደንክዮ ኽዳን ኃዘን ደርብይዮ፣ ነቲ ዝጸበቐ ግርማ ዘሎዎ ክብሪ ኣምላኽ ድማ ንዘለዓለም ልበስዮ። --- ኣምላኽ ነቲ ኣብ ምድሪ ዚነብር ሕዝቢ፣ ዜንጸባርቕ ብርሃንኪ ኼርእዮ እዩ” ይብለና ኣሎ። ንሕና ካብ ኃጢኣት ምስ ወጻና ኢና ክብሪ ኣምላኽ እንርኢ። ሽዑ እቲ ኣምላኽ ኣባና ዘዓንበቦን ዘፍረዮን ጽድቂ ነቶም ካልኦት ሰባት ከም ብርሃን ኮይኑ የብርሃሎምን ይመርሖምን። መዝሙር ዳዊት ከኣ፡ “እግዚኣብሔር ንምሩኻት ጽዮን ምስ መለሶም ከም ሓለምቲ ነበርና። ሽዑ ኣፍና ብሰሓቕ፡ መልሓስናውን ብእልልታ መልአ።” ይብለና። ንሕና ምሩኻት ኃጢኣት ዝነበርና ናብ ቤት ኣቦና (ኣምላኽ) ምስ ተመለስና ዚኸውን በዓልን ደስታን እዩ ዚገልጽ። ሐዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ፊሊጺ፡ “እቲ ኣብ ሕይወትኩም ሠናይ ግብሪ ዝጀመረ ኣምላኽ፣ ክሳዕ እታ ክርስቶስ ኢየሱስ ዚመጻላ መዓልቲ ከም ዚፍጽሞ ተረዲአዮ ኣሎኹ” ዝበለና፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍና ክሳዕ ዚፍጸም ኣምላኽ ኣባና ኪዓዪ እዩ። ደቂ ስለ ዝኾና ኩሉ ግዜ ኬጸብቐና እዩ ዚደሊ። በቶም ኣገልገልቱ ነብያት፡ መማህራን፡ ሰበኽቲ ወንጌል፡ ካህናትን ገይሩ ኣምላኽ ኩሉ ግዜ ናብኡ ክንምለስ ይጽውዓና ኣሎ። “ጐደና እግዚኣብሔር ጽረጉ፡ መገድታቱውን ኣቕንዑ፡ ስንጭሮ ዘበለ ልዕል ይበል፣ እምባን ኲርባን ኩሉ ትሕት ይበል፣ ጥውይዋይ ዝኾነ ኹሉ ትኽ ይበል፣ ድንጉር ይተኻኸል። ስጋ ዘበለ ኩሉ ኸኣ ምድኃን እግዚኣብሔር ኪርኢ እዩ” እናበለ ዮሓንስ መጥምቕ ኣብ በረኻ ይእውጅ፣ ሎሚ እቲ ድምፂ እቲ ናባና ኣቕኒዑ ይርከብ። ንመዓልቲ ምሕረት ኣምላኽ ዕሽሽ ኣይንበላ። ጐይታ ኢየሱስ መንግሥቱ ኪተክል ይመጽእ ኣሎ። ልባትና ኣዳሊና ንልደቱ ንጸበ። “ንዓ ጐይታ ኢየሱስ! ኣብ ቤተይ እቶ። ምስዓሩ ዝሰኣንኩዎ ኃጢኣተይ ብተኸለይ። ጽሩይ ልቢ ፍጠረለይ።” |